# ሕብእቲ ሰልፊ ብዓይኒ ዘይኣባላታ

**ታደሰ ኪዳነ** **በርሚንግሃም**

**1ይ ክፋል** **13 ታህሳስ 2017**

እዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ነቶም ንህላዌ'ታ ሕብእቲ ሰልፊ ከውሊ ገይሮም ዝንቀሳቀሱ ዝነበሩ፡ ዝበዝሐ ግዜኦምን ኣተሓሳስባኦምን ኣንጻር'ቲ ሕሱም ጸላኢና ዘይኮኑስ፡ ስልጣን ሜራሒኦምን ምድልዳል ኣንጻር ብጸቶምሓበሬታ ካብ ምቕባልን ምትሕልላፍን ክሳብ ኣብ ምድሃልን ምዝላፍን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ጭውያን ቅንጸላን ብጸቶም ተዋፊሮም ዝነበሩ ላዕለዎት ሓልፍቲ ሰልፊ ዝምልከት ኢዩ። እዚኣቶም ክሳብ ሎሚ በቲ ግዕዙይ ተግባራቶም ክጠዓሱ ዘይኮኑስ፡ ነቲ ገበናት ምኽኑይ ክገብሩ ይረኣዩ ኢዮም። ነቶም ተደናጊሮም ወይ ምርጫስለ ዘይነበሮም ዝኣተውዎ ግን፡ ኣብ ሓበሬታ ምቕባል ተሳተፍቲ'ኳ እንተነበሩ፡ ዝበዝሑግን ከምኩሉ ኣባል ናይቲ ግምባር ዝበዝሐ ግዜኦም ጸላኢኦም ኣብ ምህራም ስለ ዘሕለፍዎን፡ ማዕረ ክሉ ተጋዳላይ ህይወት ይኸፍሉ ስለ ዝነበሩን ብዓቢኡ ከኣ ነቲ ኣሰራርሓ ስለ ዘይድግፍዎ፡ እዚ ጽሑፍ'ዚ ንዕኦም ከምዘይምልከት ከረጋግጸሎም እፈቱ። ሰናይ ንባብ፡ -

ኣብ 3ይ ውድባዊ ጉባኤ ህዝባዊ ግምባር (1994 ዓ.ም) ኢሰያስ ባዕሉ *"ኣብ ውሽጥኹም ሰልፊ ነይሩ ኢዩ"* ክብል ብትዕቢት ምስ ነገረና፡ እቶም ገለ ከይበቐቕና ነቲ ውድብን ሃገርን ህይወትናን ጉልበትናን ቅኑዕ ኢዩ ዝበልናዮ ርእይቶ ከይተረፈ ዝሃብናን ተጋደልቲ፡ ኣዝዩ ኣሰንቢዱናን፡ ኣብቲ ውድብ ዳኖት ምንባርና ኣሕዚኑናን ኢዩ። ብዛዕብኡ'ውን ካብቶም *'ኣባላታ ነይርና ኢና'* ዝበሉና ኣዕርኽትና ብዙሕ ክንሓትትን ገለ ነገር ክንፈልጥን ክኢልና። ኣብዚ ናይ ሎሚ ጽሑፈይ ድማ ነቲ ብዛዕባታ ናይ ጸልማት ሕብእቲ ሰልፊ ዘሎኒ ርእይቶን፡ ብዛዕባ ብገለ ኣባላታ ነበር ዝወሃብ መመኽነይታን ቁሩብ ክገልጽ ክፍትን ኢየ። ኣቐዲመ ግን ብዛዕባ ህዝባዊ ግንባር (እቲ ህዝባዊ ውድብ) ቁሩብ ክዛረብ ኢየ።

## ህዝባዊ ግንባር ማን ኢዩ? ኣባላቱ'ኸ?

ህዝባዊ ግንባር ሃገራውን ህዝባውን ውድብ ኢዩ። ሃገራዊ ዝብሎ ዘለኹ ንሃገራዊ ናጽነት ከምዕላማኣቐሚጡስለ ዝተቓለሰ ኢየ። ህዝባዊ ዘብሎ ድማእቲ ብወግዒ ዝፍለጥ ኣብ ጽሑፍ ዝሰፈረ ዕላማታቱ ንጹር ህዝባዊ ዕላማስለ ዝነበሮ ኢየ። ንሱ ከኣ **"መግዛእቲ ኣባሪርካ ህዝባውን ዲሞክራስያውን መንግስቲ ምትካል"** ዝብል ኢዩ ነይሩ። ብሓቂ'ውን ኩሉ ህዝቢ፡ ጉልበቱ፡ ኣድጉን ገማሉን፡ ገንዘቡን ጥሪቱን ከይበቐቐ ብምሉእ ድሌት ተሳቲፉዎ ኢዩ። ገለ ዲሞክራስያዊ ባህርያት'ውን ነይሩዎ ኢዩ። ንኹሉ *'ምእንቲ ህዝበይን ሃገረይን ህይወተይ ክኸፍል ኢየ'* ኢሉ

ንዝተሳተፎ፡ ኣብ ልዕሊ’ቶም ደምዘንብዎ ጸላእቱ (መግዛእታዊ ሰራዊት) ብዕጥቂ ብረት ክብቀሎምን፡ ኤርትራዊ ኒሕ ከርእዮምን ክፉት ስለ ዝነበረ። ብዓቢኡ ከኣ ምእንቲ ዲሞክራስያዊ ማሰል ህዝቢ፡ ኣንጻር መግዛእትን ድሑር ማሕበርያታቱን ዝተቓለሰ ውድብ ኢዩ።

እቶም ናብ ህዝባዊ ግንባር ዝተሰለፉ መንእሰያት (ኣባላቱ) ድማ ከምቲ ኢሰያስ ባዕሉ፡ **“ብሃራሃራ ዝወጹ፡ ጠስሚ ሕብረተ-ሰብ”** ክብል ኣብ 1986 ዓ.ም ብዛዕባ ሰለስተ ዝያዳታት ክገልጽ ከሎ ዝበሎ፡ ነቲ ኣብ ኤርትራ ቆልዓን ሰበይትን ዝቐትል፡ ኣብ ብሎኮታት ዝኸትር፡ ሃብቲ ሃገርናን ወደባትናን ዝዘርፍ፡ ኣብ ገዛእ ሃገርና ናብ ዳኖት ዝቐየረና ስርዓተ- መግዛእቲ ደምሲሶም ህዝቦምን ሃገሮምን ሓራ ንምግባር፡ ብሃራሃራ ዝተሰለፉ ኢዮም፡ ብንጹር ንምዝራብ **ጸላእቶም እምበር፡ ብጾቶም ምቕታል ኣብ ሕልሞም ኣይነበረ**ን። ኣብቲ ኣሜን ዝተሰለፍዎ ገድሊ’ውን፡ **ናይ ዕላማብጻይ እምበር፡ ናይ ጸልማት ተጻይ ክጸንሖም** ኣይተጸበዩን። **‘ኣጆኻ!’** ዝብሎም እምበር፡ **‘ወይለኸ!’** ክበሃሉ ኣይሓለሙን። ብዓረር ጸላኢ **ግምባሮም ክህረሙ**እምበር፡ ብብጾቶም **“ብቓጻ ክንጠፍእ ንኽእል ኢና”** ዝብል ፍርሒ ሓዲሩዎምኣይፈልጥን።

ናብ ገድሊ ክስለፉ ከለዉ እምበኣር፡ እቲ *“ናጽነት ከምጽእ ኢዩ!”* ኢሎም ብምሉእ ምትእምማን ዝተሰለፍዎ ውድብ፡ ኣብ ሓንጎሉ ዝተጸፍየ ናይ ካንሰር ሕማም ነይሩዎ ኢዩ። እቲ ኣብ ዋህዮታት ሓንጎል ህዝባዊ ግምባር ዝነበረ ሕማም ካንሰር፡ ኣብቲ ሽዑ እዋን ኣዝዩ ደቂቕ ጥራይ ዘይኮነ፡ በቶምጥዑያት ዋህዮታት ስለ ዝተማሳሰለ፡ ቀልጢፎም ክፈልጠዎን (diagnose ክገብርዎ) ንዕኡ ዝግባእ መድሃኒት ሂቦም ክፍውስዎን ኣይከኣሉን። እቶም ሕማም ከም ዘሎ ጥራይ ዝፈለጡ’ውን፡ እቲ ሕማምብንጹር ስለ ዘይተጋህደሎም(ሕቡእ ጉጅለ ምንባሩ ስለ ዘይፈለጡ)፡ ብልክዕ ንዕኡ ዝኸውን ናይ ካንሰር መድሃኒት - ከሞተራፒ (chemothrapy) ንኽገብርሉ ኣጸጊሞዎም ኢዩ። ብኸምዚ ከኣ እቲ ኣብ ሓንጎል ዝነበረ ናይ ርእሲ ካንሰር ከይተፈልጠ፡ በብቑሩብ ናብ ብምሉኡ ኣካላት ናይቲ ውድብ ተዘርጊሑ፡ እቲ ውድብ ብንጉሆኡ **ጸሚልያ ኮይኑ ተሳቕየ**። ኣባላቱ ድማ ኤርትራዊ ወንን፡ ኤርትራዊ ስረን ንዘይ ምፍታሕ፡ ኣብቲ ሕማምውድብ ኮይኖም ብቕድሚትን ብድሕሪትን እናተሃርሙ ምእንቲ’ቲ ዝተሰለፉሉ ቅዱስ ዕላማስኖም ነኺሶም ተቓሊሶሞ፡ ኣብ ውሽጥ’ቲ ሕማም ምኻኑ እምበር፡ ሕማሙ ብንጹር ዘይፈለጥዎ ውድብ ኮይኖም ድማ ነቲ ቀንዲ ጸላኢኦም ስዒሮም ባንደራ ሃገሮም ኣንበልቢሎም፡

ነቲ ብኹለንትንኡ ገዚፍ ዝነበረ ሰራዊት መግዛእቲ ስዒሮም ናጽነት ምስ ተረኽበ፡ ነቲ ኣሜን ህይወቶምን ንእስነቶምን ዝሃብዎ ውድብ ክሕክሙ

ከጥዕይዎን ፈተኑ። እቲ ሕማምግን ካብ ርእሲ ወሪዱ ኣብ ኩሉ ኣካላት ናይቲ ውድብ ዘስፋሕፈሐ፡ ብቀሊሉ ዘይሓዊ ኮይኑ ረኺቦሞ። ኣብ 1991 ዓ. ምድማ እቲ ህዝባዊ ግምባርን ኣባላቱን ሒዞሞ ዝወፈሩን፡ ከምዕላማ ዝተቓለስሉን ዘይኮነ፡ እቲ ኣብ ሓንጎል ህዝባዊ ግምባር ተጸፍዩ ከይተፈልጠን ከይተፈወሰን ዝኣተወ፡ ናይ ካንሰር ሕማም፡ ጩፍርኡ ኣኪቡ ስልጣን ተረኪቡ።

እዚ ብናይ ሓንጎል ሕማም ማኪለዮ ዘለኹ ነቲ ኣብ ህዝባዊ ግምባር ዝነበረ ውሽጣዊ ሕቡእ ሰልፊ፡ ነቲ 'ኣብ ኩሉ ማሓውራት ናይቲ ውድብ ዝተዘርገሐ ሕማም ዝበልኩዎ ከኣ፡ ነቶም ኣብ ውሽጥና ተሰኺዖም ብሕቖና ዝወግኡና ዝነበሩ ኣባላቱ ንምግልጽ ምኽንያይ መብርሂ ዘድልየኒ ኣይመስለንን። ነዚኣቶም ድማ **"ኣኽላባት ለይቲ"** እንተበልኩዎም ኣይትቀየሙኒ። ኣብቲ ናይ ጸልማት (ለይቲ) ኣኼብኦም ስምና ኣልዒሎም ክሕይኹና ን ክዝንጥሉና ን ይሓድሩ ስለ ዝነበሩ።

<u>እሞ እዚ ብሕማም ካንሰር ማኪለዮ ዘለኹ ውሽጣዊ ሰልፊ፡ ንህዝባዊ ግምባር ኣሕሚሞዋን ቀቲሉዋን'ዶ ወይስ ሞይሑዋን ኣዐዊቱዋን?</u> ቀጺለ ነዚ ክምልስ ክፍትን ኢየ።

## <u>**መን ሞይሑና ተዓዊትና?**</u>

ኣብ ሜዳ ኤርትራ ክልተ ውድባት ምንባረን ዘካትዕ ኣይኮነን። ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ክምስረት ከሎ፡ መሪሕቱ ንብዙሕነትን ማሕበረ -ቁጠባዊ ኩነታት ህዝቢ ኤርትራን ብግቡእ ዝፈለጥዎ ኣይመስሉን። ብሰንኩ ድማ ካብ ድሑር ቀቢላዊ ኣተሓሳስባ ክወጹ ኣይከኣሉን። ኣብቲ "ኣስላማይ ክስታናይ" ዝብል ምፍልላይ ተዘፊቖም ጥራይ ዘይኮነ፡ ንናይ <u>ኤርትራ ዓረባውነት</u> ከረጋግጹ ተጓይዮም፡ ንባዕሎም ኣብ ዘይክእልዎ ግርጭታት ስለ ዝኣትዉ ድማ፡ ምስ ኩሉ'ቲ ኣብቲ ውድብ ዝነበረ ብዝሕን ምሁር ዓቕሚ ሰብን፡ ነቲ ወታደራዊ ስራሕ ብግቡእ ከወሃህድዎ ኣይከኣሉን። እቲ ሰራዊት ድማ ተወሃሂዱ ጸላእቱ ከይድምስስ ይሓናኾልዎን ይጸብእዎን ምንባሮም ኣባላቱ ነበር ክገልጹ ጸኒሖም ኢዮም፡

እቲ ድሒሩ ዝተፈጥረ ህዝባዊ ሓይልታት (ደሓር ህዝባዊ ግምባር) ግን፡ ምስ ኩሉ'ቲ ዝነበሮ ሕማምን ውሽጣዊ ተጻብኦን (እታ ናይ ካንሰር ሕማም ንእሽቶ ስለ ዝነበረት) ብዙሓት ውፉያትን ኣብነታውያንን መሪሕቲ ነይሮሞ ኢዮም፡ በዚ ከኣ ንትርግታ ልቢ ህዝቢ ኤርትራ ዘርዊ፡ ኣንጸባራቒ ወታደራዊ ዓወታት ከመዝግብ ክኢሉ። እዚ ከኣ ኢዩ ደገፍ ህዝቢ ኤርትራ - ካብ ጀብሃ ናብ ህዝባዊ ግምባር ገጹ ከምዝዘብል ዝገበሮ። ምስ ምንዋሕ ግዜን ጸዕቂ ናይቲ ኩናትን ግን፡ ምኩራትን ጸለውትን መሪሕቱ ግዳይ ናይቲ ትንፋስ ዘይህብ ኩናት ክኾኑ፡ ዝተረፉ ከኣ በታ ኣብ ርእሲ ናይቲ ውድብ ተጸፍያ ዝነበረት ንእሽቶ ፍጥረት ብዝተለኽፉ ኣኽላባት

ብለይቲ ብሚስጢር ተበሊያም፡ እዚኣቶምምስ ተኣልዩ፡ እታ ተሓቢኣን ተማሲላን ትኸይድ ዝነበረ ንእሽቶ ፍጥረት፣ ቦታ እናገፍሓለ ክኸይድ ባህርያዊ ኢዩ። ንነብሰን ነቶም ቀንዲ ኣኽላባትን ካብ ቦታ ማስዋእቲ ከም ዝኽወሉ ብምግባርን ፍሉይ ሓለፋታት እናሃበትን፡ ኣብቲ ጥዑይ ኣካላት ህዝባዊ ግምባር ብውሽጢ ክትሰብሕ ጀሚራ። ንናህሪ ናይቶምኣንጻር መግዛእቲ ዝወፈርና መንእሰያት ግን፡ ጸላኢና ቀቲልና ካብ ምስዋእ ኣይከልከለትናን። ኣባላት ህዝባዊ ግምባር ምስ ጸላኢ ክንተሓናነቕ ከለና ድማንሳ ኣብ ውሽጥና ተሰኹዓ ከይፈለጥናያ ጥዒመዋን ሰዊዳን። ነቲ ብቕድሚኡ ዝነበረ ጸላኢ ኣብ ዝሰዓርናሉ እዋን ድማ ብእኣ (በታ ተሓቢኣ ብድሕሪና ትከታተለና ዝነበረት ካንሰር) ተዋሒጥና ተሪፍና።

ኣብዚ ብንጹር ክገልጾ ዝደሊ ዘለኹእምባኣር፡ ኣብ ህዝባዊ ግምባር ብወታደራዊ ኣካዳሚዝተሚረቐ፡ ብናይ ኩናት ስነ-ፍልጠት - ውግእ ዝሞርሕ ሰብ ኣይነበረናን። ኩሎምሞራሕትና - ኣብቲ ኩናት፡ ተማኲሮ ዝሰሓሎምኢዮም። እቲ ናይ ኩናት ተመክሮ ድማ ነቶምውግእ ዝሞርሑ- ንኹሎምእምባር፡ ኣባላት ሰልፊ ንበይኖምዝወሰድዎ ኣይነበረን። እቲ ምስ ጸላኢ ዝተሓናነቕን ዓወታት ዘመዝገብን ተጋዳላይ ድማ እቲ ኣብ መቃብሩ መዓርን ጠስምን ክፈስሶ ተሚኒዩ፡ ጸላእቱ ክድምስስ ብሃራሃራ ዝወጸ፡ ካብቲ ቅድሚውግእ ዝካየድ ስለያን መጽናዕትን ጀሚሩ፡ ክሳብ ምድምሳስ ሓይሊ ጸላኢ፡ ርእሱ ኣቕኒዑ ብምሉእ ድሌት፡ ብዘይ ገለ ዓስቢ ዝወፈ ሰብ ኢዩ ነይሩ። ብድሌቱን ብምሉእ ወኑን ዝዋሰእ እምበር፡ ብትእዛዝን ብጉንዖን ዝዋጋእ ሰብ ኣይነበረናን። ጉንዖን ሓለፋን እንተ ነይሩ፡ ነቶም ‘ኣኽላባት ለይቲ’ ኢለዮምዘለኹላዕለዎት ኣባላት ናይታ ሰልፊ ጥራይ ኢዩ ነይሩ። እቶምተመክሮ ዝሰሓሎም፡ ብጾቶም ሞሪሖም ግንባራትን መዓስከራትን ዝደምሰሱን ዝተሰውኡን ሞራሕቲ ድማ ውሑዳት ገዲፍካ፡ ድርጋ ኩሎምኣባላት ሰልፊ ኣይነበሩን። ካብዚ ወጻኢ ኣብ ህዝባዊ ግምባር፡ ‘ብናተይ ብሱል ኣሞራርሓ ከምዚ ዝበሃል ግምባር ፈሪሱ፡ ወይ ከምዚ ዝበሃል መዓስከር ተታሒዙ’ ኢሉ ዝጀሃር ሓላፊ ወይ ጉጅለ እንተልዩ፡ ነብሱ ዘይፈልጥ ወይ ታሪኽ ክጨዊ ዝደሊ **ምስሉይ** ጥራይ ኢዩ። ህዝባዊ ግምባር - ህዝባዊ ግምባር ዝኾነ ድማበቶም፡ ኣብ ቃልዕ - ብጾቶምሞሪሖም፡ ምስ ጸላኢ እናተዋግኡ ዝተሰውኡ ሞራሕቲ እምበር፡ **ብሕቡኣንን ምስሉያትን** ኣይኮነን። ታሪኽና ድማ ታሪኽ ኣብነታውያንን ውፉያታን ተጋደልቲ እምበር፡ ታሪኽ ሕቡኣንን ማሕሾኽሾኽትን ኣይነበረን። ሕጂ’ውን ታሪኽ ክትሰርቁ ኣይትፈትኑ።

እቲ ሓቂ እዚ ኮይኑ ከብቅዕ፡ ገለ ታሪኽ ክጭውዩ ዝህንጠዩ ምስሉያት ኣባላት ናይታ ሕብእቲ ሰልፊ ነበር፡ “*ህዝባዊ ግምባር ንቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ሞሪሑዎ። ሕብእቲ ሰልፊ ድማነቲ ግምባር ሞሪሓቶ። ስለዚ ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ታሪኽ ህዝባዊ ግምባር ኢዩ። ታሪኽ ህዝብዊ ግምባር ድማ ታሪኽ ናይታ ሕብእቲ*

*ሰለፊ ኢዩ።”* ክብሉ ይስምዑ ኢዮም። ነዚ ኣቶምን እሽቶ ክሜልኣሎም ምደለኹ። ነታ ሕብእቲ ሰልፊ ከምድላዩ ዘሽከርክራ ዝነበረ ድማ ጸይቀ-ዕሉል ኢሰያስ ኣፎርቂ ምኳኑ፡ ኩሎም ኣባላት ናይታ ሰልፊ ነበር ይሰማምዕሉ ኢዮም። እዚ ክብ ኢለ ዝገለጽኩዎ ስነ-ሜጎት ሓቂ ምኳኑ ከእምኑና ክፍትኑ እንተድኣ ኮይኖም ድማ ‘ታሪኽ ናይታ ውሽጣዊት ስለፊ’ውን ታሪኽ ኢሰያስ ኣሮርቂ ኢዩ’። ነዚ ስነ-ሜጎት’ዚ እንተ ተኸቲልና ድማ ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኮነ፡ ታሪኽ ውድብ ህዝባዊ ግምባር፡ ታሪኽ ኢሰያስ ኣፎርቂ ኢዩ ማለት ኢዩ። እዚ ማለት ድማ እቲ ተባዕን ማዝና ኣልቦን ታሪኽ ህዝብና፡ “ታሪኽ ሓደ ውልቀ-ሰብ ኢዩ” ናብ ዝብል መደምደምታ ኢዩ ዘብጽሓና። “ታሪኽ ኢሰያስ ኣፎርቂ፡ ታሪኽ ጽንዓት ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ” ዝብሉ እንተ ኾይኖም ድኣ’ሞ ስለምንታይ ኣንጻር ኢሰያስን፡ ንሱ ዝዝውሮ ስርዓት ህግደፍን ንብዓት ሓርገጽ ዘንብዕ ኣለዎም። ንነብሶም ኣብቲ ክጨውዩዎ ዝደልዩ ታሪኽ ከእትዉዋ ስለ ዝደልዩ ግን፡ ነታ ዳሕረወይቲ ሜጎታዊት መደምደምታ ኣይፈትዉዋን ኢዩም። ሕጂ’ውን ታሪኽ ህዝባዊ ግምባር፡ ታሪኽ ጀጋኑን ኣብነውያን ሜራሕትን እምበር፡ ታሪኽ ጨውይትን ሕቡኣንን ኣይኮነን። ኮይኑ’ውን ኣይፈልጥን።

## **ውሽጣዊት ሰልፊ ብመንጽር ምንቅስቓስ ናይ 1973ን 1976ን ዓ.ም**

ንምኳኑ እዞም ብ’መንካዕን የሚንን’ ዝፍለጡ ተጋደልቲ መን ኢዮም? ኣብ ዘይሰዓቱን ኣብ ዘይግዜኡን ኢዮም ክእርሙፈቲኖም ዝበሃል’ከ ሓቂ ድዩ? ነዚ ክልተ ሕቶታት’ዚ ምስቲ ንሳቶም ሒዞምዎ ዝተሰለፉ ዕላማን ኣብኡ ዝጸንሖም ኣተሓሕዛን (ኩነታት ናይቲ ገድሊ) ኣተኣሳሲረ ቁሩብ ክገልጽ ክፍትን ኢየ።

ዳርጋ ኩሎምኣብዚ ክልቲኡ ምንቅስቃስ ዝነበሩ መንእሰያት፡ ተማሃሮ ዩኒቨርሲቲ ዝነበሩ ኢዮም። ከምተማሃሮ ናይ ላዕለዋይ ደርጃ ማጠን ከኣ ብዙሕ ዘንበቡን ዝፈልጡን፡ ማዕረ ማዕሪኡ ድማ ንነዊሕ ክጥምቱን፡ ኣብ ከባቢኦም ንዝረኣዩ ፖለቲካዊ ኮነ ካልእ ምቅይያራት ክዕዘቡን ዝያዳ ካልኦት ንነገራት ከተኣሳስሩን ዓቕሚዝነበሮምኢዮም።

እቶም ካብ ገጠራት ዝተሰለፍናን ትሑት ኣካዳምያዊ ብቕዓት ዝነበረናን፡ *“መግዛእቲ ካብ ኤርትራ እንተ ተባሪሩን ኣሕዋትና ስልጣን እንተድኣ ሒዞምን፡ ሃገርና ክሓልፈላ ኢዩ”* ዝብል የዋህ እምነት ጥራይ ኢዩ ነይሩና። ንሳቶም ግን ነቲ ዝነበሮም ትስፉው ናይ ዩኒቨርሲቲ ናብራ ገዲፎም ምእንቲ ህዝቦምን ሃገሮምን ህይወት ክኸፍሉ ክስለፉ ከለዉ፡ ወታደራዊ ዓወት ጥራይ ንበይኑ እኹል ከምዘይኮነ፡ ካብ መጀመርትኡ ቅኑዕን ሕጋዊ ኣሰራርሓን እንተ ዘይተኣታትዩ፡ ውዲሉ ሓዲሩ ተመክሮ ጀብሃ ክድገምን፡ እዚ ሕጂ ዘሎ ክቱር ምልኪ ክመጽእ ከም

ዝኽእልን ይፈልጡኒ ይሮም ኢዮም፡ ብኣካል ዝነበሩ ከም ዝተዛረብዎ፡ **“እዚ ውድብ’ዚ ማንዲል ናይ ኢሰያስ ይኸውን ኣሎ!!!”** ዝብል ናይ ማኤ ተስፋሚካኤል ዘረባ ድማ ኣብ ቦታ ውልቀ-ምልኪ፡ ዲሞክራስያውን ሕጋውን ኣሰራርሓ ንምትእትታው ዝነበሮምድሌትን ዕላማን ብንጹር ኢዩ ዝገልጽ። ነቲ ኣብቲ ንእሽቶ ውድብ ዝረአ ዝነበረ ምልኪ ከዐርዩ ከኣ ውድባውን ሃገራውን ሓላፍነት ጥራይ ዘይኮነ፡ ግዴታ’ውን ነይሩዎም ኢዩ። ሽዑ’ውን *“ኣሰራርሓና ሕጋውነት ይሃልዎ! ውድብና ዝምርሓሉ ፕሮግራምኮነ - ዓይነት ናይቲ ድሕሪ ናጽነት ዝትከል ስርዓተ ምምሕዳር ካብ ሕጂ ክነነጽሮ ይግባኣ”* ኢዮም ዝበሉ። ህዝባዊ ግምባር፡ ኣብ ሓንጎል ዝተጸፍየ፡ ናይ ካንሰር ሕማምእንተ ዘይነብሮ (ሕብእቲ ሰልፊ እንተ ዘይትነብር) ድማ ክገብርዎ ምሉእ ብቕዓት ነይሩዎምኢዩ።

ብዙሓት ሽዑ ዝነበሩ ተጋደልቲ ከም ዝነገሩና ድማ ኣብቲ ውድብ ክቱር ምልኪ ውልቀ-ሰብ ምንባሩን፡ ነቲ ምልኪ ንምቁጽጻር ዘኽእል ማእታዊ ሕጊ ከም ዘይነበረን ሰሚዕና ኢና። እቶምንብሎምዘሎና ምሁራት ድማ ነቲ ኣብ ስርዓት ሃይለስላሴ ዝነበረ ምልክን ግህሰት ሰብኣዊ ማሰልን ተቓዊሞም ንዕኡ ከዐርዩን ሕጋውነት ከተኣታትዉን ኢዮምንበረኻ ወኢኦም፡ ከምሓቂ ንምዝራብ እቲ ንሳቶም ኣብ 1973 ዓ.ም ዝጠለብዎ ሕጋዊ ኣሰራርሓ፡ ሽዑ ዘይኮነስ፡ ኣብ 1970/71ን፡ ማስረቲ ናይቲ ውድብ ኣተኣታትዮሞ ኣነጺሮሞን ክሰርሑሉ ክጸንሑን ዝነበሮም ኢዩ። እሞ *“ቅድምኣይተገብረን’ምሕጂ ግን መትከላትናን ኣሰራርሓናን ኣነጺርና ንኺድ”* ምባሎም እንታይ ኢዩ ኣበሮም፡ *“ቅድም ኣይተገብረን’ም ሕጂ ቅዋምናን ፕሮግራምናን ኣነጺርና ንቃለስ”* ምባል’ከ ብኸመይ ኢዩ ዘይሰዓቱን ዘይግዜኡን ዝኸውን?” እቲ ኣብ 1977 ዓ.ም ዝወጸ ናይ ህዝባዊ ግምባር ቅዋምን ፕሮግራምን ምልኪ ከይነገሰ ከሎ፡ ኣብ 1970/71 ወይ ድማ ኣብቲ ንሳቶም ንምእራም ዝተበገሱሉ፡ ማለት ኣብ 1973 ዓ.ም ተነዲፉን ተሰሪሑሉን ነይሩ እንተዝኸውን፡ እቲ ድሒሩ ዝተራእየ ምልክን ዕንደራ ውልቀ-ሰባትን ምተራእየ’ዶ? ሕቶኦም እምባኣር፡ ሰዓቱ ሓልዩ ዝመጸ፡ እኳ’ድኣ ኣቐዲሙ ተጻፊፉን ተመሓራርዩን ክጸንሕ ዝነበሮ ኢዩ። *“ኣብ ዘይሰዓቱን ኣብ ዘይግዜኡን ዝመጸ”* ማለት ድማ *“እታ ሕብእቲ ቀንጻሊት ሰልፊ ኣጸቢቓ ክሳብ እትስውድ ክጸንሑ ነይሩዎም”* ኢዩ ዘስምዕ። ጌጋ ጥራይ ዘይኮነ ድማካብ ዘይብሱል መደምደምታ ዝብገስ ፖለቲካዊ በለጽ ኢዩ።

ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኣብ 1977 ዓ.ም ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ከም ዘካየደ ኣብ ግዜይኡ ተነጊሩና ኢዩ። ሎሚግን እቲ ሽዑ ዝተገብረ ጉባኤ - ኢሰያስ ነቶምበታ ውሽጣዊት ሰልፉ ኣቢሉ ዝኸተቦም ናይ ለይቲ ኣኽላባቱ ገይሩ፡ ብሒምንዝበለ ቀቲሉ ምስ ወድአ፡ ንዝተረፉ ካብ ኣኼባታት ከም ዝርሕቁ ድሕሪ ምግባሩ ዝተኻየደ ምዃኑ ይንገረና ኣሎ። እቲ ዝኸፍአ ድማ ቅድሚቲ ብወግዒ ዝተነግረና ቀዳማይ ውድባዊ

ጉባኤ፡ ንሱን ኣኽላባቱን ጥራይ ዝተሳተፉዎ ናይታ ሰልፊ ኣኼባ ተገይሩን፡ ኣብቲ ጉባኤ ዝምረጹ ሰባት በታ ሰልፊ ኣቐዲሙ ተወዲኡ ምንባሩን ኢዩ። ብወግዒ ድማ **‘ናይ ሓሶት ጉባኤ ኢዩ ነይሩ’** ንበሃል ኣሎና። ሓቀኛን ብምዕሩይ ውክልና ኣባላት ውድብ ዝተገብረ ጉባኤ እንተዝነብር፡ በዓል መን ንሚኒሕነት ምተመርጹ ዳርጋ ኩሉ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግምባር ክግምቶ ዝኽእል ኢዩ።

ኣብ ናይ ሓሶት ጉባኤ፡ ኣባላት ውድብ ብዘይወከልዎም ተጋደልቲ፡ ምልኪ ኣብ ዝነገሰሉ ውዳቤ፡ ብሕርያ ውልቀ-ሰብ ብዝተሸሙ ሓለፍቲ ዝጸድቕን ዝትግበርን ቅዋምን ፕሮግራምን ድኣ ንምድንጋር ዝቐረበ፡ ናይ ሓሶት ካብ ምኳኑ ሓሊፉ እንታይ ፋይዳ ከምጽእ። ናይ ሓሶት ስለ ዝነበረ ድማ ኣብ ናጽነት እንዳ ጓሓፍ ኣትዩ። እቲ ኣብ 1973 ዝተተኸለ ውልቀ-ምልኪ፡ ኣብ ኮሮሻ ናይታ ውሽጣዊት ሰልፊ ተወጢሑ ኣትዩ። ኣብ ናጽነት ድማ ካልእ ኮሮሻ ቀይሩ ተኸዲጬኣሎ። እቲ ብስም መንካዕን የሚንን - ኢሰያስ ነቶም ናይ ለይቲ ኣኻላባቱ ኣዋፊሩ ዝጨፍለቖ ምንቅስቓስ እምብኣር፡ ኣቀዲሙ ንዘይተገብረ ንምትዕርራይ ደንጉዩ ዝመጸ እምበር፡ እዋኑን ግዜኡን ዘይሓለወ “ዝምባሌ” ኣይነበረን። ተጣበቕቲ ናይ “ኣብ ዘይግዜኡን ዘይእዋኑን” ድማ **ቲፎዞ** ናይቲ ዝሓለፍናዮ ጉዕዙይ ኣሰራርሓ ካብ ምኳን ወጺኦም ተማሊሶም ተመክሮኦም ክግምግሙ ይግባእ።

➢> > > > ይቕጽል > > > > >